## እቲ መስርሕ

1 ዓለምለኻዊ ዑቅባ መንበሪ ፍቃድ ተዋሂበ

እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ወረቃቅቲ የዳሉ 2

3 ብሕጋዊ ዝኾነ ቶርጋማይ ኣቶርጉሞ

ፋይለይ ናብ ሚኒስትሪ ዉሽጣዊ ጉዳያት ይሰዶ 4



## ኣብቲ ግዜ መስርሕ

- ስራሕ ይደሊ
- ገንዘብ የዋህልል
- ናይቲ ናይ ቪዛን : ኣየር ቲኬትን ዘሎ ዋጋ የጽንዕ
- እኹል ገንዘብ እንተዘይብለይ :ንኦፊስ-ሶሻል ይውከስ
- እንድሕሪ ኦፊስ-ሶሻል ነጺጎሙኒ: ፋይለይ ናብ ሰርቪስ ሊስኮ ቀይሕ-መስቀል ኣንፈት የምርሕ።
- ኣብ ናይ ግሊ ገዛ ተኻሪኹም እትነብሩ እንተኾንኩም: ስድራኹም ኣብ መነብሪ-ገዛ : ከተዕቁቡዎም ከም እትኽእሉ: ፍቃድ ከምዝተዋህበኩም ኣረጋግጹ።

## ሽግር እንተ ኣጋጢምኩም ንመን ትሓቱ፧

ሊስኮ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ጉጅለ




13, rue de Bragance
L-1255 Luxembourg

2755 - 5600

rf.lisko@croix-rouge.lu


**LISKO**
Lëtzebuerger Integratiouns- a Sozialkohäsiouns-Zenter

https://www.croix-rouge.lu/fr/service/lisko/


ትካል ሊስኮ : ብሚኒስትሪ ስድራ-ቤት፡ ምትሕግጋዝ፡ ሓቢርካ ምንባር፡ ኣቃባብላ ዝተመወለ እዩ፡ .
N°agrément A/2019/8/4 (t2)


**LISKO** | Centre luxembourgeois pour l'intégration et la cohésion sociale



# ምጥርናፍ ስድራ-ቤት

ንኣብ ሉክሰምበርግ ዓለምለኻዊ ዑቅባ መንበሪ ፍቃድ ዝተዋህቡ ስደተኛታት።

croix-rouge luxembourgeoise
Mënschen hëllefen

# ናብ ሉክሰምበርግ ኣየኖት ኣባላት ስድራኹም ፡ ብምጥርናፍ ከተምጽኡ ትኽእሉ፧



- ነቲ ዘመዝገብኩም **መጻምድኹም ወይ ባዓል ኪዳንኩም፡** ካብ 18 ንላዕሊ ዕድሚኡ ክኸዉን ኣሎዎ። (ሉክሰምበርግ ንፖሊጋሚ (ካብ ሓንቲ ሰበይቲ ንላዕሊ ዘለዎኦም) ኣፍልጦ ኣይትህብን እያ።)
- ነቶም **ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ዘይተመርዓዉ ዉሉድኩም** / ወይ ደቂ መጻምዱኹም/ ንስኹም ምግዚት ወይ ኣለይቲ ናይቲ ቆልዓ እንተኾንኩም። ወይ ሓባራዊ ምእላይ ናይቲ ቆልዓ ምግዚት እንተሎኩም፡ ናይቲ ሓደ ወገን ፍቃድ ክህልወኩም ኣለዎ።
- **ወለዲ ፡ የሕዋት ትሕቲ-ዕድመ ፡ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ብዘይ ኣላይ።**

---

### ኣብ ፋሉይ ኩነታት፡ ሚኒስትሪ ተዳናገጽቲ ኸኾኑ ይኽእሉ እዮም።

- ቀጥታዊ ዝምድና ከም ቀዳማይ ደረጃ።
- ንትሕቲ ዕድመ ዘይኮኑ እሞ ዘይተመርዓዉ ዉሉድኩም
- ን ሕጋዊ ምግዚት ወይ ካልኦት ብሙልኦም ትሕቲ ዕድመ ፡ ብዘይ ኣላይ ኣባላት ስድራ ዝተረፉ፡ ንኣዝማድ ኣይፍቀድን እዩ።



ናይ ዝኾነ ኣባል ስድራ-ቤት ዳሃይ እንተጠፊኡኩም ፣ ናብ ሰርቪስ (RLF) ምርኻብ ስድራ-ቤታት ፡ ኢመይል

**tracing@croix-rouge.lu**



# እንታይ ዓይነት ወረቓቕቲ ኽትቕርቡ ኣሎኩም፧




### ነቲ ዘመዝገብኩም ሰብ ማለት፡ በዓል ቤት ወይ በዓልቲ ቤት፡

- **(ኮፒ ኩሉ ገጻት) ናይ ፓስፖርት ዕለቱ ዘይወደቀ**
- ኣብቲ ዝነብርሉ ዘሎዉ ቦታ **፡ ካብ ገበን ነጻ ሙኻኖም ዝገልጽ ወረቀት የድሊ።**
- **ከምዝተመርዓኩም ወይ ከም ሰብ ሓዳር ከምዝተመዝገብኩም** ዝገልጽ (ናይ መርዓ ሰርቲፊከት፡ ወይ ናይ ማዛጋጃ-ቤት ሰርቲፊኬት፡ ናይ ስድራቤት መዝገብ. . .ወዘተ )

---

### ናይቶም ዘመዝገብኩሞም ትሕቲ 18 ዘይተመርዓዉ ውልድኩምን/ መጻምድትኩምን፡

- **ጠቅላላ ናይ ፓስፖርት ኮፒ (ኩሉ ገጻት ):  ዕለቱ ዘይወደቀ፡**
- **ናይ ብሓቂ ወለዱ ሙኻንኩም መረጋገጺ** ( ናይ ዉላድኩም ክብሪ መዝገብ፡ ናይ ወሎዶ መዝገብ . . . ወዘተ)

እቶም ወለዲ ዝተፈላለዩ ዝተፋትሑ እንተኾይኖም ፡ ተወሳኺ ወረቃቅቲ የድሊ። እቲ ዘድሊ ሰነድ ፡ ምዕባይ ቆልዑ ብሕጊ ንመን ከምዝተወሰነ ዝገልጽ ኮይኑ፡ ምብጻሕ ወይ ምስ መን ይቕመጥ ዝገልጽ እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ንጠበቓኹም ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ንወላዲ ወይ ወለዲ ፡ የሕዋት ትሕቲ-ዕድመ  ፡ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ብዘይ ኣላይ።

- **ጠቅላላ ናይ ፓስፖርት ኮፒ (ኩሉ ገጻት):  ዕለቱ ዘይወደቀ፡**
- **ኣብቲ ዝነብርሉ ዘሎዉ ቦታ ፡ ካብ ገበን ነጻ ሙኻኖም ዝገልጽ ወረቀት የድሊ።**
- **ናይ ብሓቂ ወለዱ ሙኻንኩም ዘረጋግጽ ወረቀት  ( መዝገብ ናይ ወለዶ፡ ክብሪ መዝገብ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ውላዶም )**

እቶም ሰነዳት ብመልክዕ ኦርጅናል ወይ ዝተረጋገጸ ቅዳሕ **copie certifiée conforme** (ናይ ፓስፖርት ሓደ ቅዳሕ እኹል እዩ)። እቶም ሰነዳት ብፈረንሳ፣ ጀርመን ወይ እንግሊሽ እንተዘይተጻሒፎም፡ ብሕጋዊ ተርጓማይ  ተተርጕሙ ክላኣኹ ኣለዎ።



ብድሕርዚ  ዝተርፍ ፡ ንኹሉ  ሕጋዊ መስርሕ ዝምልከት  ንጠበቓኹም ክትውክውሱ ኣሎኩም።

**ፋይልኩም  ምሉእ እንተዘይ ኮይኑ፡ ይምለስ እዩ።**

# ማዓስን ፡ ኣበይን  ክትሓቱ ትኽእሉ፧

ካብታ ዓለምለኻዊ መንበሪ ፍቃድ ዝሓዝኩምላ ግዜ ኣትሒዝኩም ፡ እቲ ሕጊ ብዝብሎ መሰረት  ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ፡ ናይ ምጥርናፍ  ወረቀት ክኣቱ ይግባእ።[1]

ከም ንቡር እንተደንጎየ ኣብ ዉሽጢ 9 ወርሒ መልሲ ክመጸኩም ኣለዎ፡ ግን ብሰንኪ ናይቲ ፋይል ክብደት፡ እቲ ዝግበር መርመራ ክናዋሕ ይኽእል እዩ።

ፋይልኩም  ናብዚ ኣድራሻ ትልእኩ፡  [2] **ሚኒስትሪ ዉሽጣዊ ጉዳያት**
Ministère des Affaires intérieures - Direction générale de l’immigration
B.P. 752      L-2017 Luxembourg

1. ካብዘን ዝተባህላ 6 ኣዋርሕ እንተ ሓሊፉ፡ ካልኦት ፍሉያት ኩነታት ይውሰኹ፣ ብፍላይ ድማ እኹል ኣታዊ ፡ ንኣባላት ስድራቤትካ መንበሪ  ገዛ ከምዘለካ ዘረጋግጽ መርትዖ።
2. ናይ ሓደራ ፖስታ ክትሰዱ ከለኹም  ቅብሊት ምሕታት ይምከር።

# ናይ ቪዛ ምሕታት

ኣባል ስድራቤትኩም **ቪዛ ዝሓቱ** እንተኾይኖም፡ ቅድሚ መገሻኦም፡ ካብ **መበቆል ሃገሮም፡ ናይ  D ቪዛ  ዓይነት** ብምምልካት  (ምስ ኦርጅናል ናይቲ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓዶምን) ናብ፤

- ኣብ ሃገሮም ዝርከብ ዲፕሎማት ወይ ቆንስል ናይ ሉክሰምበርግ ዘለዎ ቦታ ይኸዱ ፡
- ኤምባሲ ወይ ቆንስል ናይ ሉክሰምበርግ ዝርከብ ቦታ፡ ንነዊሕ ጻንሖት ቪዛ ክህቡ ዝኽእሉ ቦታ ብምኻድ ከመልክቱ ይኽእሉ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

# ክንደይ እዩ እቲ ዋጋ ፡ ብኸመይ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ክንሓትት  ንኽእል፧



ወጻኢታት ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት፡   ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፋላለ እዩ፡ እቶም ክትጥርንፍዎም ሓሲብኩም ዘለኹም  ሰባት ብዝሓም፡ ናይ ቢዛ መሕተቲ ክፍሊትን ፡ ዋጋ ኣየር-ቲኬትን ኣቀዲምኩም ሕተቱ።
ኣቀዲምካ ምቕርራብ ፡ እኹል ገንዘብ ምውህላልን ኣገዳሲ እዩ።

ናይ **ገንዘብ ሕጽረት** እንተኣጋጢሙኩም ፡ **ኣቀዲምኩም ናብ እትነብሩሉ ምምሕዳር  ኦፊስ-ሶሻል ሓገዝ ሕተቱ።** እንተ ነጺጎሙኹም ናብ ቀይሕ-መስቀል ሊስኮ ብምኻድ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

# ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ገዛ እንተሃሊኹም፡ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ( ስድራኹም) ምእንቲ ክጽንበርኹም፡ **ምስ ዋና-ገዛ ብጽሑፍ** ስምምዕ ምግባር የድሊ።

ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኹም ፡ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ኣብ ዝካየድ ዎርክሾፕ (**ስልጠና**) ክትሳተፉ ትኽእሉ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**